# ናይ ዝጠፍኡ ሰባት መድለዪ ኣገልግሎት ስ.ቀ.መ.

**ናይ ስዊዝርላንድ ቀይሕ መስቀል (ስ.ቀ.መ.)፡ እንድሕሪ ሃለዋት ናይ ሰብ ጠፊኡኩም፡ ንክትረኽብዎ ይሕግዘኩም**







RESTORING FAMILY LINKS

Croix-Rouge suisse
Schweizerisches Rotes Kreuz
Croce Rossa Svizzera



# ናይ ዝጠፍኡ ሰባት መድለዪ ኣገልግሎት ስ.ቀ.መ.

እዚ ናይ ዝጠፍኡ ሰባት መድለዪ ኣገልግሎት ስ.ቀ.መ. ንዝኾነ ዜጋ፡ ነባሪ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝኾነ፡ እንድሕሪ ካብ ስድራኹም ወይ ከኣ ኣጸቢቑ ዝቐርበኩም ሰብ ተጣፊእኩም፡ ኩሉ ግዜ ንኽትሓባበረኩም ቅሩብ እዩ።

ካብ ቤተሰብካ ምፍልላይ ብተፈላለየ ምኽንያታት ከጋጥም ይኽእል፡ ንኣብነት ብሰንኪ ውግእ፡ ባህርያዊ ሓደጋን፡ ስደትን። ሓደሓደ ግዜ ውን፡ ብምብኣስ፡ ምስዘይስድራኻ (ሞግዚት) ምዕባይ፡ ወይ ከኣ ካልእ ማሕበራዊ ጉዳያት፡ ንቤተሰብ ክፈላልዩ ይኽእሉ።

ናይ ዝጠፍኡ ሰባት መድለዩ ኣገልግሎት ስ.ቀ.መ.፡ ብኣካል መጺእኹም ክመኽረኩም ይኽእል፡ ቀጻሊ ኸኣ እዋናዊ ሓብሬታ ብዛዕባ ናይቲ ምድላይ ኩነታት፡ ይሕብረኩም።

ብምትሕብባር ምስ ሃገራዊ ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ፍርቂ ወርሕን ዝተዳለወ



© ICRC, Virginie Louis

# ኣገልግሎትና

- ንዝጠፍኡ ሰባት ንደሊ
- ናይ ቀይሕ መስቀል መልእኽቲ ነመሓላልፍ
- እሱር ከምዝነበርካ መራጋገጺ ሰነድ ናይ ዓለምለኻዊ ቀይሕ መስቀል (ICRC) ነምጽእ
- ንዝጠፍኡን፡ ንዝተቐብሩን ድማ ኣመት መቓብሮም ንድህስስ
- ኣብ ምድላይ ውልቃዊ ዶኩሜንትኹምን መዝገብ ህልዊ ኩነታትኩምን፡ ንተሓባበረኩምን፡ ነሰንየኩምን
- ቤተሰብ ክጠራነፉ ከለዉ ድማ፡ ዝምልከቶ ቤት መንግስቲ ምስኣፍቀደ፡ ነሰንዮም



## ኣብ
# www.familylinks.icrc.org
## ብቐጥታ ሰብ ምድላይ

ኣብ ወብሳይት ናይ ICRC ነዚ ዝስዕብ ክትገብሩ ትኽእሉ፡

- ኣብ ኩነታት ግዝያዊ ሓደጋ ቤተሰብኩም ትደልዩ
- ካብ ዝተፋላለየ ዓለምለኻዊ ኩነታት ውግእ ወይ ግርጭት ዝርዝር ኣስማት ናይ ዝጠፍኡ ሰባት ትረኽቡ
- ኣብ ኤውሮጳ ዝርከቡ ቤተሰቦም ዝደልዩ ሰባት፡ ስእሎምን ሽሞምን ትረኽቡ
- ኣብ ኤውሮጳ ዝርከብ ሰብ ትደልዩ እንተ ኣለኹም፡ ስእልኹምን ሽምኩምን ትዝርግሑ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ዝጠፍኡ ሰባት ተመሓላልፉ
- ብዛዕባ ናትና ነትወርክ ሓበሬታ ትረኽቡ

እዚ ወብሳይት ኣገልግሎት ናይ Restoring Family Links ነትወርክ ናይ ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ፍርቂ ወርሕን፡ ኣብ ምሉእ ዓለም፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ኮይንኩም ክትሓቱ ትኽእሉ።



## ጻዕርታትን ተኣማምነትን

- እዚ ቀይሕ መስቀል ናይ ስዊዘርላንድ፡ ሓደ ናጻ ዝኾነ፡ ብነብሱ ዝመሓዳደር፡ ወገነኛ ዘይኾነ፡ ናይ ሓገዝ ማሕበር እዩ።
- ናትኩም ኣካልዊ፡ መንነታዊ ዝርዝርኩም፡ ብጥንቃቒን፡ ብእምነትን እዩ ዝትሓዝ፡ ከምኡ ውን ናይቲ እትደልዩዎ ሰብ።
- ምሳኹም ምስ ተመያይጥና፡ ከመይ ጌርና ነቲ ነገር ከም ንጅምሮ፡ ኣብ ዕዮ ከም እንኣቱን፡ በሓንሳብ ኮይና ናይ ኣሳራርሓ መንገዲ ነውጽእ።
- እንድሕሪ ዝጠፍኤ ሰብ ንደሊ ኣለና፡ ኣብ ሙሉእ ዓለም ምስ ብዙሓት ናይ ቀይሕ መስቀል ማሕበራት እንዳሰራሕና ኢና ንደሊ፡ ንኣብነት ምስ ናይ ዓለምለኻዊ ቀይሕ መስቀል (ICRC)፡ ከምኡ ኸኣ ምስ እተን 187 መድለዪ ኣገልግሎት ዝህባ ካለኣት ናይ ቀይሕ መስቀል/ ቀይሕ ፍርቂ ወርሕን ማሕበራት ሓቢርና ንሰርሕ።
- እቲ ዝድለ ሰብ ከኣ፡ ቅድሚ ቀጥታዊ ርክብ ምግባር፡ ንኽጥርነፍ ፍቓድኛ ከም ምዃኑ ይሕተት።
- እዚ ናይ ዝጠፍኡ ሰባት ምድላይ ኣገልግሎት ከኣ ብናጻ እዩ፡ ናይ ለግሲ ሂያብ ግን፡ ብምስጋና ንቕበል።


RESTORING
FAMILY LINKS

**Schweizerisches Rotes Kreuz**
**Suchdienst**
Rainmattstrasse 10
3001 Bern
**ተለፎን**: 031 387 73 80
**ኢ.መይል**: tracing@redcross.ch
**ወብሳይት**: www.redcross.ch

**እንድሕሪ ነዚ ናይ ዝጠፍኡ ሰባት መድለዪ ኣገልግሎት ስ.ቀ.መ.**
**ክትልግሱ ደሊኹም፡**
Suchdienst SRK
Postkonto 70-79907-1
**ፍሉይ ምልክት ከም መለለዪ እዚ ትጽሕፉ፡** Suchdienst SRK

**ኣዚና ነመስግን!**

Tigrinya | Tigrinya | Tigrinio




Croix-Rouge suisse
Schweizerisches Rotes Kreuz
Croce Rossa Svizzera

ZEWO ZERTIFIZIERT CERTIFIÉ CERTIFICATO